ሓባራዊ ኮሚስዮን
ምምስራት ሰልፊ
ክፍሊ ዜናዊ ጉዳያት

المفوضـــــية المشـــــتركة
لتاســــيس الحـــزب
قسم الشؤونِ الاعلامية

Joint Party Formation Commission
Department of Information

# ሰልፍ ናይ ሓድነት ሓይሊ እዩ።

ኣባላት ሰውራዊ ባይቶን ኣባላት ሰውራዊ ባይቶ ዘይጸንሑን ዝኣባላቱ ኮሚሽን ምምስራት ሰፊሕ ዝመሰረቱ ሰልፊ ተመስሪቱ ምንቅስቓሳቱ ካብ ዝጀምር ሓያሎ ኣዋርሕ ኮይኑ። ብደረጃ መደባቱ ድማ ቀዳማይ ምዕራፍ ስረሓቱ ብዓወት ዛዚሙ ናብ ካለኣይ ምዕራፍ ካብ ዝሰጋገር ድሮ ሳምንታት ሓሊፍዎ ኣሎ። እነሆ ድማ ኣብዚ ምዕራፍ'ዚ እውን ጕኒንጕኒ ምስቲ ካልእ ዕማማቱ እንታይነትን ከመይነትን ናይቲ ዝምስረት ሰልፍና ናይ ምብራህ መደባት ቀጻሊ እዩ። ዕላማ ናይዚ ምብራህ ድማ ናይ ለውጢ ሓይልታት ብኣፍልጦ ክሳተፍዎን ከተባብዕዎን ንምኽኣል እዩ። ክሳብ ሕጂ ኣብዚ መዳይዚ ዝተመዝገበ ዓወት ድማ ዝነኣድ'ዩ።

ሎሚ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ተቓወምቲ ውድባትን ናይ ለውጢ ሓይልታትን ዝጽበዮ ዕማማት ብዙሕ እዩ። ካብቲ ብዙሕ እቲ ቀንዲ ነቲ ንህዝብና ዝገዝእ ዘሎ መላኺ ሓይሊ ህግደፍ ኣወጊድካ ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ምርግጋጽ'ዩ። ስለዚ እቲ ናይ ህዝብና ጠለብ ዓሚቝ ትርጉም ዘለዎን ነቲ ስርዓት ብምውዳቕ ጥራይ ጠጠው ከይበለ ኣብ ኤርትራ ዘተኣማምን ህዝባዊ ናይ ስርዓት ለውጢ ክሳብ ዝረጋገጽ ዝቕጽልን'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ናይ ግድን ክወድቕ ዝድለየሉ መሰረታዊ ምኽንያት ድማ ናይ ለውጢ ዓንቃፊን መላኺን ስለ ዝኾነ እዩ። ዓንቃፊ ዝኾነሉ ምኽንያት ናይ ስልጣን ጽምኡ ምስ ናይ ለውጢ ምትእትታው ስለ ዘይረጋገጸሉ ጥራይ እዩ። በዚ ኢና ድማ ድሌት ህዝብናን ድሌት ስርዓት ህግደፍን በበይኑ እዩ እንብል። ንሕና እቲ እንቃለሰሉ ዘለና ለውጢ ክረጋገጽ እንከሎ ኩሉ እቲ ሎሚ ንህዝብና ዘጨንቖ ዘሎ ጸገማት ክፍታሕ'ዩ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለና። ስለ'ዚ ኢና ድማ ሕቶ ህዝብና ሕቶና እዩ እንብል።

ነዚ ኣገዳሲ ናይ ስርዓት ለውጢ ንምርግጋጽ ዘኽእል ዓቕሚ ንምውናን እምበኣር ሓደ ኣቓዲምና ክነረጋግጾ ዝግበኣና መሰረታዊ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ድማ ናይቲ ኣብ ምምጻእ ለውጢ ናይ ሓባር ጉዕዞን ረብሓን ዘለዎ ሓይልታት ኣብ ሓደ ምምጻእ'ዩ። ብኣረዳድኣ ሰልፍና ነዚ ሓይልታት ኣብ ሓደ ምምጻእ ማለት ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ እዩ። እዚ ማለት ንታሪኽ ዘይምርስዑ ግና ናቱ እሱር ዘይምኧን ማለት እዩ። ብሓባር ምስራሕ ማለት ንናይ ኣረኣእያ ፍልልያት ምጥፋእ ማለት ዘይኮነስ ንፍልልያዊ ሓደነት ኣብ ጽኑዕን ዝተኣማምንን መሰረት ምንጻፍ ማለት እዩ። እዚ ማለት ደሓር ተመሊሱ ዘይድገስን ኣብ ምክእኣልን ምጽውዋርን ዝተመስረተ ዕርቂ ምግባር ማለት እዩ። እዚ ማለት ዝተበታተነ ዓቕምን ኣተሓሳስባን ተሓጋጊዙ ዘድምዕ ናይ ለውጢ ሓይሊ ከም ዝኸውን ምግባር እዩ። እዚ ማለት ነቲ በበይንኻ ከተዕውቶ ዘይከኣልካ ናይ ሓባር ሽቶ ሓቢርካ ምዕዋቱ ማለት እዩ። ብሓባር ምስራሕ ማለት ንነገራት ኣብ ባይታ ብዘየለ ክውንነት እናመዘንካ ናይ መወዳእታ ዘየብሉ ስግኣትን ምጥርጣራትን ግዙእ ዘይምኳን ማለት'ውን እዩ።

እዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቐሰ ኣብ ምርግጋጽ ሓድነት ናይ ለውጢ ሓይልታት ወሳኒ ብጽሒት ዘለዎ ስጉምታት ሓደ ፖለቲካዊ ውድብ፣ ሲቪካዊ ማሕበር ወይ ካልእ ናይ ለውጢ ውዳበ ንበይኑ ዘረጋግጾ ዕማም ከም ዘይኮነ ኮሚሽን ምምስራት ሰልፍና ይኣምን። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ወገሐ ጸበሐ ናይ ብሓባር ንስራሕን ብሓባር ንሓይልን መጸዋዕታ ዘቕርብን ሰፊሕ ናይ ተሳትፎ ኣፍደግኡ ዝኸፍትን። ጕኒንጕኒ'ዚ ድማ እቲ ብወገኑ ክገብሮ ዝግበኦ ካብ ምግባር ኣይክስልክይን'ዩ። ጽባሕ ሰልፍና ክምርሓሉ ትጽቢት ዝግበረሉ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ብግሉጽ ናብ ህዝቢ ናይ ምዝርግሑ ምስጢር'ውን እዚ እዩ። ኣብዚ ሓደ ክርሳዕ ዘየብሉ ጉዳይ እቲ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኽ ቃልስና ዝተፈጥረ ናይ ምፍልላይ ስንብራት ኣሕዊኻ ዘተኣማምን ሓድነት ንምርግጋጽ ነዊሕ ግዜን ሓያል ጻዕርን ዝሓትት ምዃኑ'ዩ። እቲ ኣብ ቀረባ ዝምስረት ሰልፍና ነዚ ሓቂ'ዚ ይቕበል። ግና ድማ እቲ ጉዕዞ ሕጂ ክጅመር ይግበኦ ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለዎ። ናይ ሰውራዊ ባይቶ ውድብካ ኣፍሪስካ ንሰፊሕ መድረኽ ናይ ቃልሲ ቅሩብ ምዃን ድማ ኣገዳስን ኩሉ ክስዕቦ ዝግበኦን ኣብነት እዩ ዝብል እምነት ኣለና።

ብእምንቶ ኮሚሽን ምምስራት ሰፊሕ ዝምሰረቱ ሰልፍና እቲ ናይ ሓድነት ስራሕ ኣብ ውሽጣዊ ህይወት ናይቲ ሓድነት ክፈጥር ዝግበኦ ውድባት እዩ ዝጅመር። ነፍሲ ወከፍ ናይቲ ሓድነት ተሳታፊ ዘበርክቶ ኣስተዋጽኦ በቲ ኣብ ውድቡ ጥጡሕ ባይታ እዩ ዝምዘን። ኣብ ውሽጡ ካብ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ መቑሕ ዘይተፈትሐ ውድብ ኣብ ጉዕዞ ሓድነት ኣየድምዕን እዩ። ኣብ ውሽጡ ናይ ዕርቂ መንፈስ ዘይዘረአ ውድብ ናይ ሓድነት ሓይሊ ክኸውን ኣይክእልን እዩ። ኣብ ውሽጡ ናይ ግሉጽነት፣ ተሓታትነትን ዕርቅን ባይታ ዘይፈጠረ ውድብ ኣብ ጉዕዞ ምርግጋጽ ሓድነት ውድባት ጸገም እምበር ሓጋዚ ኣይከውንን እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ሰልፍና ለውጢ ብደረጃ ውልቀሰብ እውን ከይተረፈ ክረጋገጽ ኣለዎ ኢሉ ዝኣምንን ንምዕዋቱ ዝሰርሕን። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ውድቡ ኣፍሪሱ ሓድሽ ሰልፊ ክምስርት ምውሳኑ፣ ውጽኢት ናይ ዑዉት ውሽጣዊ ቃልሱ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግበኦን።

ውሽጥኻ ንለውጢ ምቕራብ ብዙሕ መግለጽታት ከም ዝህልዎ ንጹር እዩ። ካብቲ ቀንዲ መለለይታቱ ሓደ፣ ንለውጢ ኣብ ክንዲ ካብ ጸቢብ ውድባዊ ወይ ጉጅላዊ ናይ ስልጣን ረብሓ፣ ብመንጽር ህዝቢ ዝማእከሉ ነዊሕ ዘማዕዱ ለውጢ ምርግጋጽ ምምዛኑ ኣገዳስነት ኣለዎ። ርግጽ'ዩ ካብቲ ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዘጸግም ጉዳያት ናይ ስልጣን ሕቶ ሓደ ባእታ እዩ። ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ካብ ሃለና ምናልባት ጉዳይ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ግምት ምእታው ሓጥያት ኣይመስለናን። እንተኾነ ከምቲ ንስኻ ናይ ስልጣን ሕሳብ ዘለካ እቲ መወዳድርትኻ'ውን ናቱ ሕሳብ ከም ዘለዎ ዘይምዝንጋዕ ኣገዳሲ እዩ። ክንድቲ ክትመርሕ እትደልዮ ክትምራሕ'ውን ቅሩብ ምዃኑ ድማ ካልእ ኣገዳሲ ቁምነገር እዩ። ነቲ ክትመርሖ ዝግበኣካ ሓይልን ርኢቶን ድማ ከም እትመርሖ ዘኽእለካ ዓቕሚ ከም ዘጥረኻ ብግብሪ ከተርእዮ ይግበኣካ። እተሰጉሞ ናይ ለውጢ መስርሕ ግና ምስ ኣብ ስልጣን ምምጻእካን ዘይምምጻእካን ክብ ለጠቕ ዝብል ዘይኩነስ ቀጻልን ነዊሕ ዝጠመተን ክኸውን ከም ዝግበኦ ናይ ሰልፍና እምነት ኮይኑ ክቕጽል እዩ። ኣብ ሓደ ውድብ ዝፍጠር ናይ ለውጢ ሓይሊ ናትካ ሓይሊ ምዃኑ ብምቕባል ምንኣዱን ምትብብዑን'ውን ሰልፍና ከተኣታትዎ ዝደሊ ናይ ለውጢ መሳርሒ'ዩ።

ሓቀኛ ለውጢ ናይ ምርግጋጽ ቃልስና ቀጻሊ'ዩ።